# እንቃለሰሉ ጸረ ረብሓና ከይኸውን ምጥንቃቕ የድሊ

ስርዓት ኢሳያስ ንጠቕምኻ ትቃለስ ዘለኻ ከም ዝመስለካ ጌሩ ትጠፍኣሉ ግጉይ መገዲ ከትሕዝ ዝፍትን ወይ ዝገብር እኩይ ስርዓት ኢዩ፣ እዚ ስርዓት እዚ ብቑል ካብ ዝብል በዛ መገዲ እዚኣ ንህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ነቲ ቅኑዕ መገዱ ከስሕቶ ጸኒሑን ኣሎን፣ ብሓጺሩ ብዝተፈላለየን ብዙሕን ኣሎ ዝብሃል ናይ ሓሶት ምኽንያታት እናመሃዘ ኣብ ምሉእ ጊዜ ስልጣኑ ንህዝብና ኣብ ምጥፍኡ ጸኒሑን ኣሎን።
ኣብዚኣ ኣስተውዕሉ ብኹሉ እቲ ዝማህዞ ሽርሒ ነንሕድሕድካ ከም ትጣፋእ ብምግባር ንጥፍኣትና ዝዓለመ ኣካይዳ ዝኸተል እኩይ ስርዓት ኢዩ ዘለና፣ ስለ ዝኾነ ኣብዚ እዋን እዚ ዝገብሮ ዘሎ ረቋሕ ብልሓት ብንጹር ፈሊጥናን ጠጠው ንብለሉ ዕላማ ኣነጺርናን ህዝብናን ሃገርናን እነድሕነሉ መሳብሮ ኢዩ።
ኢሳያስ ኣብ ዝኾነ እዋን ህዝቢ ኤርትራ ዘልዕሎ ሕቶ ከበርዕን ንኣኻ ዝመስሉ ሃሱሳት ብምውፋር ዝገብሮ ጻዕሪ እቲ ዝልዓለን ብተገዳስነት ዝሕዞን ዝልዓለ ባጀት ዘውጻሉ ኣውራ ስርሑ ኢዩ፣ በቲ በብእዋኑ ዝፍጽሞ ረቋሕ ተንኮል፣ ንህዝቢ ኤርትራ ከም መጋበርያ ተጠቒሙ ንነብሱ ዓቢ መራሒ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክገብራ ዝሓልም ኢዩ፣ እዚ ሕልሚ እዚ ግን ሕጂ ከንቱ ሕልሚ ኮይኑን ፈርሱ ወጺኡን ስለ ዘሎ ክዒብናዮ ጥራይ ንሕለፍ።
ዝኾነ ኮይኑ ኣብዚ እዋንዚ ነዛ ብቐንጠብጠቡን፣ ብንቕጽንኡን ብድንቁርንኡን ዓለም ብዓለሙ ጠሚቱዎን ንኸፍኣቱ ኣለልዩን እገዳ ክሳዕ ምግባር በጺሑ ኣሎ።
ይኹን እምበር ብኸመይ ይጠዋውያ ከም ዘሎን፣ ንገለ ኣካላት ሕብረተ-ሰብና ጸረ ጠቕሞም ከም ዝቃለሱ ንምግባር ንዘካይዶ ዘሎ ዘመተ ከነስተብህለሉን ነቲ እኩይ ሓሳባቱ ከም ዝብርዕን ጌርና፣ እቲ ንድሕነት ህዝብና ከምኡ'ውን ነቲ ንልዑላውነትና ዝፈታተን እኩይ ሓሳባቱ ዝብርዕነሉ ብልሓት ክንደልን ብሓቂ ክንሳማማዕን ኢዩ ይግባእ።
ሓደ ህዝቢ ዝኾነ ይኹን ፍልልይ ይሃልዎ፣ ኣብቲ ወሳንን ናይ ቃልሱ መሳብሮን ክሳማማዕ ኢዩ ዘለዎ፣ ንኣና ንኤርትራውያን ብሰንኪ እቶም ብፍልልያትና ዝረብሑ ዝተፋላለዩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝሰረጹና ፍልልይን ሓድሕዳዊ ምጥርጣርን፣ ከም ሓደ ፍሉያትን ኣብ ዝኾነ እዋን ክሳማምዑ ይኽእሉ ኢዮም ኢልካ ዘይትሓስቦም ከም ሕሱም ዝጻልኡ ህዝብታት ኰና ከም ንርኤ ኢና ኰና ዘለና፣ ነዚ ብዕቱብ ክንሓስበሉ ይግባእ።
ብሰንኪ እዚ ግናይ ተምሳልና፣ ብዙሓት ኣርሒቖም ዝሓስቡን ለባማትን ደቂ ሃገር፣ ሓዘን ይስምዖምን ነቲ ነገር ኣብ ማእከል እቲ ፋሕፋሕ ዝበለ ኣካላት ደምበ ተቓውሞ ኣትዮም ብኸመይ ከም ዝቕልስዎ ይሕርብቶምን ኣሎ፣ እምበር ለባማት ሃገር ኣይ ምተሳእኑን፣ ግን መጒሃይቲ ሓለይቶም ኰናዮም ኣለና።
ስለ'ዚ ዝኾነ ይኹን ብእኩብ ድዩ ብውልቂ ምእንቲ እዚ ከቢድ ወጽዓ ዝረከብ ዘሎ ህዝብናን፣ ምእንቲ ድሕነት እታ ኣብ ቀራና መንገዲ ጥፍኣትን ህልይዌን ዘላ ሃገርናን፣ ዝሓስብን ዝቃለስን ኣካል ተቓዋሚ ሓይሊ ነብሱ ሃኒጹ ምእንቲ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ብስምምዕ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ዘሎ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ጥራይ ከድህብ ኣለዎ።
ሕድሕዳዊ ዘይምትእምማን እንተ ገዚኡካ፣ ኣብቲ ገዛእቲ ምእንቲ ጠቕሞም ዘስረጹልካ ሕማም ተሸሚምካ ንመዋእል ተፈላሊኻ ኣደዳ ካልኦት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክመጹ ዝኽእሉ ተጠቀምቲ ኮንካ ኢኻ ትነብር፣ ብዝኾነ ድሕሪ ፍታሕ ንፍልልያትና ብሕጊ ከም ንፈትሖ ካኣ ክንኣምን ኣሎና። ንፍልልያትካ ንኸትስዕር ግን ኩልኻ እትረብሓሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ብዕቱብ እንተ ተቓሊስካ፣ እቲ እትቃለሰሉ ዕላማ ኩሉ ዝቕበሎ ኮይኑ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን ተራ ኣለዎ።
ስለ'ዚ ክቡራት ደቂ ሃገር፣ ኩሉ እቲ ንስልጣን ቅድሚ ኩሉ ዝሰርዕን ዝስስዕን፣ ንምልኪ ዝዳሎን ብስምምዕና ዝስዓር ምኺኑ ብብሩህ ተረዲእና እቲ ናይ ሓባር ጠቕምና ዝሕሉን፣ ንህዝብና ካብ ሕሰም ክገላግል ዝኽእልን ናይ እገዳ ውሳኔ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ምድጋፍ ህዝብን ሃገርን ብምቕዳም ንሕሰብን ሓድነትና ነርኢን።
እዚ ነቲ ኣብ ኩሉ እዋናት ብምፍልላይና ንእነስዕቦ ዝነበርና ሽግራት ኣብ ምእራሙ ከም ዝበጻሕና ዘብርህን ህዝብና ካብ'ዚ ዝረኸቦ ዘሎ ሽግራት ንምድሓን ንእነካይዶ ቃልሲ ዘቃላጥፍን ክንኡ'ውን ተሞክሮናን ትኩርነትናን ዝብርህ ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ደማ ነቲ ደም ዝነዕ ዘሎ ህዝብና
ፍትሒ ኣብ ሃገርና ይንገስ

በላይ ምስፍን ጀርመን